## ህዝባዊ መኸተ ኖርወይ

ህዝባዊ መኸተ ኖርወይ ብዕለት 14/02/2010 ዳግማይ ኣኼባ ኣካይዱ, ኣብቲ ክቡር ኣምባሳዶር ኣቶ ግርማ ኣስመሮም ከምኡውን ካብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ስቶክሎም ኣቶ ዮናስ ማና ዝተረኸበሉ ኣኼባ ሓያል ሃገራዊ ስሚዕትን ኒሒን ዝተሓወሶ ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናት ሕጂውን ከም ትማሊ ደው ንብል ኣሎና ብማለት መርኣያ ሓድነቶም ዝኾነ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ኩሉ ኤርትራዊ ብኣካል ኣብ ጀኔቭ ንኽካፈል ጻዊዕም ከምኡውን ኩሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ድሕሪ ጅኔቭ ነዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝዝምቢ ዘሎ እገዳ ንኸፍሽል እጃሙ ከበርክትን ተላብዮም።
ኣቶ ግርማ ንኹሉ ሕቶታት ናይ ህዝቢ ብውሕሉልን ኣዕጋብን ኣገባብ መልሲ ድሕሪ ምሃብ እቲ ኣብዚ ኣኼባ ዝነበረ ህዝቢ ብናቱ ተበግሶ ምሕያል ቃልሲ መኸተን ጉዕዞ ጀነቭን ወፈያታት ክህብ ጀሚሩ።

ኣብቲ ብዕለት 24 ጥሪ 2010 ዘውጽእዎ ናይ ሓባር ውሳኔኦም ከም ዝጸንዑ'ውን ዳግማይ ኣረጋጊጾም።

<u>ሓባራዊ መግለጺ ኩናኔ ንውሳኔ ውድብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት, ብይን 1907 (2009)</u>

1. እቲ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ዝጠልብ ብይን ባይቶ ጸጥታ 1907 (2009) ኣትሪርና ንኹንን።

2. ባይቶ ጸጥታ ነዚ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓዊን ዘይሓላፍነትዊን ብይን ክስርዞ ኣትሪርና ንጽውዕ።

3. ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ክሰፍንን ክረጋገጽን ቅድም ቅዳድም ውሳነ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብህጹጽ ኣብ ግብሪ ክውዕልን ሓላፍነቱ ክስከም ንጽውዕ።ሰራዊት ወያነ ካብቲ ብወራር ሒዙዎ ዘሎ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ብህጹጽ ተገዲዱ ክወጽእ ኣትሪርና ንጽውዕ።

4. ሃገርና ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሕብርን ጉልባብን ንልምዓታ፣ ህልዌኣን ልኡላውነታን ዝጻብኡ ዘመተታት ብቀጻሊ ይፈሓሱን ብጻዕቂ ይፈታትኑን ኣለዉ። ነዚ ንምብዳህ ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ደው ንብል። ሕጂውን ከም ወትሩ ኩልና ሃገራውያን ኤርትራውያን ካባና ዝሕተት መካቲ ሓላፍነት ክንስከም ቅሩብነትና ነረጋግጽ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!
ዓወት ንሓፋሽ
ህዝባዊ መኸተ ኖርወይ